
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.95 | ዓርቢ 20 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ተመሃሮን ቴክኖሎጂካዊ መሳርሒታትን




ገጽ 3 — “ኣደይ፡ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ”



ገጽ 4 — ቻርለስ ዲከንስ



ገጽ 5 — ጥንታዊ ጽሑፋት ኤርትራ




ገጽ 7 — ሪያል ማድሪድ፡ ዕውትቲ ዋንጫ ኢንተርኮንቲነንታል ኩባያ




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኣልጀርያ ተቐቢሉ




ስእሊ. ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ብሚኒስተር ላዕለዋይ ትምህርትን ስነፍልጠታዊ ምርምርን ኣምል በዳሪ ንዝተመርሐ ልኡኽ ረፓብሊክ ኣልጀርያ ኣብ ዓዲ-ሃሎ፡ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ልኡኽ ኣልጀርያ - መልእኽቲ ፕረዚደንት ዓብዱልመጂድ ተቡን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣረኪቡ።

ትሕዝቶ ናይ'ቲ መልእኽቲ፡ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ኤርትራን ኣልጀርያን ዘተኮረ'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ'ቲ ልኡኽ ኣብ ዝገበሮ ዘተ፡ ንነዊሕ ታሪኻዊ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ኣልጀርያን ብምጥቃስ፡ ነቲ ድልዱል ሰረት ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብዝዓበየ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ምምዕባሉ ንክልተኣዊ ረብሓታት ዘገልግል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ንልኡኽ ረፓብሊክ ኣልጀርያ መሪሑ ዝመጸ ሚኒስተር ላዕለዋይ ትምህርትን ስነፍልጠታዊ ምርምርን ኣምል በዳሪ ንኤረና ኣብ ዝሖ ሓበሬታ፡ መጠኒ ናይ'ቲ ዑደት ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዘሎ ታሪኻዊ ዝምድና ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብሓፈሽ፡ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርትን ስነፍልጠታዊ ምርምርን ብዝገበር ምትሕግጋዝ ድማ ብፍላይ ብዝበለጸ ንምምዕባሉ ሓሳብ ንምልውዋጥ ከምዝኾነ ኣፈሊጡ።

ሚኒስተር ኣምል ኣሰዪቡ፡ ኣብ'ቲ ርክብ ኣብ ዞባዊ ጉዳያት'ውን ከም እተዘራረቡ ብምጥቃስ፡ ንኣፍሪቃ ካብ'ዚ ዘሎ ኩነታት ንምውጻእ ኣብ ዘኽእል መዳይ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ንዝቐረበ ሓሳብ ዘለዎ ኣኽብሮትን ምስጋናን ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቦም ነይሮም።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ኔዘርላንድስ፡ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት ቤነሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ፡ ካብ 1 ክሳብ 15 ታሕሳስ ኣብ ከተማታት ኣምስተርዳም፡ ኣምስተርዳምን ዝወሰንን ኣብ ህልው ኩነታትን ተራ ራብዓይ ግንባር ኣብ ዕማማት ሃገራዊ ልምዓትን ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣምባሳደር ነጋሲ ኣብ መግለጺኡ፡ ዞባና ብወሽጣዊ ግርጭታትን ምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ሰላም ተነፊጉዎ ኣብ ዘለወሉ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ወሽጣዊ ሰላሞምን ርግኣቶምን ኣውሒሶም ኣብ ልምዓት ተጸሚዶም ከምዝርከቡ ብምግላጽ፡ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከብ ራብዓይ ግንባር፡ ጥርናፈኡ ብምድልዳል ሃገራዊ ንጥፈታቱ ከሐይል ከምዝግብኦ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ነጋሲ ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ኤርትራ - ርጉእ፡ ንሓድሕዱ ዝተሓጋገዘን ተመሳሊኡ ዝሰርሕን ኀደ ንምህናጽ ዝዓለመ ፖሊሲኡ ብዘለዓለ ይደፍኣሉ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኔዘርላንድስ ኣቶ ክብረኣብ ተወልደ ብወገኑ፡ ንኣገልግሎታት ቈንስላዊ ጉዳያት ዝምልከት ዝርዝራዊ መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ፡ ብዝተኣታቶ ዘሎ ሓድሽ ኣገባብ፡ ተወሳኺ ዓቕሚ-ሰብ ብምምዳብ ንዝጸንሐ ጸገማት ንምፍታሕ ጉጅለታትን ምሕያል ኣብራትን ንዝተዓመ ስርሓት ዘርዚሩ።

ኣብ መወዳእታ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበ ሕቶታት መብርሂ ተዋሂቡ።

ብኻልእ ወገን፡ ብምኽንያት 3 ታሕሳስ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ፡ ማሕበር ስንኩላን ጨንፈር ሸወደን ዞዳሎዎ፡ ኣታዊኡ ንመሳሰዚ ዝተፈላለየ





ደስራሕ ከምዝሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኢሳቕ ምናሴ ብወገኑ፡ ብዛዕባ ውዳበታትን ንጥፈታትን ህዝባውያን ማሕበራት ገምጋማዊ መግለጺ ብምቕራብ፡ ኣብ 2024 ኣብ ምምስራት ሓደስቲ ፕሮጀክትታት ስንኩላን ዝውዕል፡ ትውፊታት ስንኩላን ዝተተረኽሉን ንዕዉታት ስንኩላን ዞላለየን ብባህላዊ መሰናድኦ ዝተሰየ መደባት፡ ኣብ ከተማታት ስቶክሆልም፡ ዮተቦርን ኣርብሩን ብኸባብ ዝበለ ማዕረግ ተኻዪዱ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ተመሃሮን ተክኖሎጅያዊ መሳርሒታትን

ወጽኢት ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት፡ ካብ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት ኣትሒዞም ብዝዮገደብ ኣብ ምፍራይ ደርኾቡ ኣለዉ። ቅድሚ ዝተወሰነ ዓመታት ዝፈርዩ ዝበሩ ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት፡ ንዝተወሰነ መዓላ ጥራይ የገልግሉ ኒየርም። ብኣንጻሩ፡ ኣብዚ እዋን ዝፈርዩ ዘለዉ፡ ዝተራቐቑ ኣብ ርእሲ ምኳናም ንብዙሕ መዓላ እውን ዘገልግሉ እዮም። ብሳላ እዚዮም ሓያል ጻዕሪ ተበላሓትነትን ምርምርን ዝሓለፉም መሳርሒታት፡ መተባብሮ ደቂሰብ ኣዝዩ ምቹእ፡ ቀሊልን ስልጡንን ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ብመንጽሩ ድማ፡ ጥቕምን ኣድላይነትን ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት ዕዙዝ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። በዚ'ዩ እምበኣር፡ ኣጉዳኢት ቴክኖሎጂ ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና ይኹን ምንቅስቓሳትና ዘማትዕ ወይ ዘወሳውል ዘይኮነ፡ እንተኾነ፡ ነዮም ብውልቅና እንውንኖም ከም ሞባይል፡ ታብሌት፡ ላፕቶብን ካልእን ዝኣመሰሉ ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት ብዋጋ ምስ ዘይንጥቀመሎም፡ ካብቲ ዝህልዎም ረብሓ ዕንወቶም ከይገድድ ዘሰክፍ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ዓቕሚ ዝሓለፈ ኣጠቓቕማ ንኽተል እንተደኣ ኴንና፡ እቲ ንጥፈት ካብ ልምዲ ሓሊፉ ናብ ዘይምሕር ወልፊ ክሰጋገር ልዑል ተኽእሎ ስለዘሎ። እዚ ስለዝኾነ'ዩ ሳዕቤን ዘይቅርዕው ኣጠቓቕማ ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት፡ ብዘደጋግሚ ክጋዋሕ ንሰምዕ ዘለና። ንኣብነት፡ ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ጌሩ ዝረአ ዘሎ ዓቕሚ ዝሓለፈ ኣጠቓቕማ ፍርያት ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ጥዕናውን ማሕበራውን ከኒታት ተጠቂምቲ ዘኸተሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከቢድ ምኳኑ ይጥቀሱ።

ብዙሓት ካብ'ቶም ኣብ ከተማ ዝነብሩ ተመሃሮ፡ ሞባይልን ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒን ሒዞም ክንቀሳቐሱ ንዕዘብ ኢና። እቲ መሳርሒ ንትምህርታዊ መዳይ ማለት - ፍልጠቶም ኣብ ምዕባይ ዝጥቀምሉ እንተደኣ ኰይኖም፡ ኣብ ልክዕ ጉድና ስለዝርከቡ ክቕጽልዎን ክተባብዑን ይግባእ። ምኽንያቱ ኣብዚ እዋን ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ናብ ቤት-ንባብ ከይዶም መጽሓፍቲ ዘንብቡ ዝተፈላለየ ረቂቕ ንዋት ኣብ ሞባይልን ካልእ መሳርሒን ብምጽዓን ብዝለለጠን ዝመቸእን ኣገባብ ማእለያ ዘይብሉ ጽሑፋት ከንብቡ ስለዝሕግዞም። እንተዘየ ምርኳስ ብምግባር ግን ክንደይ ካብ'ቶም ተመሃሮ'የም፡ ብልክዕ ነቲ ኤሌትሮኒክ መሳርሒ ብእወታዊ ሸነኹ ዝግልገልሉ ዘለዉ። ብፍላይ እቶም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ብውልቒ ይኹን ብሓባር ካብ ቤት-ትምህርቶም ናብ ቤቶም ኣብ ዝመላለሱ እዋን፡ ምሉእ ኣደህቦኦም ኣብ'ቲ መሳርሒ ገይሮም ክዕዘቡ ንምልከት ኢና። እቲ ዝዕዘብዎ ቪድዮ ጌይም ይኹን ተንቀሳቓሲ ምስሊ፡ ምስ ትምህርታዊ ንጥፈታቶም ዘይተሓሓዝ ክሳብ ዘይኮነ፡ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝጉሙት ግዜ ይኸስሩ ኣለዉ። ሰዓን ምስትውዓሎም ብዘይኣገባብ ሓያሎ ሰዓታት ኣብቲ ኤሌትሮኒክ መሳርሒ ተጸሚዶም የጥፍኡ ስለዘለዉ፡ ክንጽ ዘይምለስ ግዜኦምን ዕድሎምን ምብኽንን ካልእ ዝሓፍሰዎ ረብሓ የብሎምን።

ከም ዝፍለጥ፡ መብዝሕትኦም ተመሃሮ ኣብ ትሕቲ ኣሊያ ወለዶም ስለዝኾኑ፡ ፍሉጥ ወይ ርጉጽ ኣታዊ የብሎምን። ስለዚ፡ ወለዲ ቀዳሞት ደቆም ንምምላእን ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ንኽሕግዝዎን ብዙብል ዕላማ'ዮም፡ ዝጠዘለ እዋን ኤሌትሮኒክ መሳርሒ ክዕድጉሎም ዝስትውዓሉ። እንተኾኑ ብዙሓት ካብ'ቶም ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ፍልጠቶም ንምዕባይ ዝገልገሉ፡ ንኻልእ ጥቕሚ ከውዕልዎ እዮም ይረአዩ። በዚ ምኽንያት፡ ወለዲ ንውላዶም ክመኽሩን ክምዕዱን ኣብ ዝፍትኑሉ እዋን፡ ደቆም ነቲ ኤሌትሮኒክ መሳርሒ ብቐሊሉ ከም ዘይክፈት ገይሮም ብብዙሕ ኮዶት ይዓጽውዎ። ስለዚ፡ ኣብ ከምዚ ፈታኒ ኩነት፡ ወለዲ 'ውላደይ እንታይ ክላብጽ ይደሊ ኣሎ?' ወይ 'ክርእ ዘይደልየ ዘሎ እንታይ'ዩ?' ብልክዕ ክፈልጡን ብቐረባ ክከታተሉን ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ እቲ ኤሌትሮኒክ መሳርሒ፡ ከም'ቲ ማእለያ ዘይብሉ ረብሓታት ሓቚፉ ዝርከብ፡ ብዙሕ ኣሉታዊ ገጽት እውን ከም ዘለዎ ምግንዛብ ስለዝግባእ። እቲ ክዓብዩሉን ክመሃሩሉን ዝተሓሰበ መሳርሒ፡ መጻኢ ዘይልምትን ካብ ዕላማኦም ዝኣልን ከይኮውን ክጥንቀቑ ኣለዎም።

ተመሃሮ፡ ቀዳሞት ትምህርቶም ብምስራዕ፡ ዘይምለስ ግዜኦምን ዕድሎምን ብኸንቱ ከየጥፍኡን ክጥንቀቑ ይግባእ። ብሰንኩ፡ ዝኸትልዎ ግጉይ ኣካይዳ ምሉእ ዕምርም ዘጣዕሶም ጌጋ ንኸይፍጽሙ፡ ወለዲ ሎሚ ክኣልዩዎምን ክድግፉዎምን ኣለዎም። ምናልባት፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት "ንምንታይ ኣብ ትምህርትካ ዕውት ክትከውን ዘይከኣልካ" ዝብል ሕቶ ምስ ዝቐርበሎም፡ እቲ ምኽንያት ዘይቕቡልን ዘይብቑዕን ከም ዝኸውን ርጉጽ'ዩ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ ህይወቶም ቅኑዕ ምሕደራ ግዜ ብምኽታል፡ ፋልማይ ምርጫኦም ትምህርቶም ክኸውን'ዩ ዘለዎ። ማዕረ-ማዕረኡ፡ ምስዛ እትሕንብብ ዘላ ዓለም ንምምራሽ ድማ፡ ንኤሌትሮኒክ መሳርሒታት እወታዊ ሸነኹ ክብርብርዎ ይምከሩ። ኣብ'ዚ ብዙሕ ፍልጠት ክኣኽብትሉን ክመራመሩሉን ዝኽእሉም ግዜ፡ ብኻልእ ዘይጠቅም ንጥፈት ጅህ ክትሓዙ ከፍቅዱ ኣይግባእን። ምናልባት፡ እቶም ኣብ ኤሌትሮኒክ መሳርሒታት ዝተዓቑቡ መዛኑኦም፡ ናብ ዓለሞም ክስሕቦም ዝፍትኑ ዋላ እንተኾኑ፡ ናታቶም ሓንሸን ደስታን ዕምሪ ከም ዘይብሉ ክግንዘቡ ኣለዎም። እምበኣርከስ፡ ተመሃሮ ኣቓዲሞም ክየጥቅዎ ዘለዎም ብኢጋኡ ብምልላይ ከምኡ ድማ፡ ነቲ ካልእ ንጥፈት ከም መዘናግዒ ጥራይ ክርእይዎ ተመሪጹ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ፍልጠቶም ንምስፋሕ ኣብ ክንዲ ምጽዓር፡ ብኻልእ ዘይጠቅም ልምዲ እሱራት ክኾኑ ርትዓዊ ስለዘይኮነ። እዚ ስለዝኾነ፡ ቀዳምነቶም ኣብ እትሕንጥጥሉ ሰሌዳ መጻኢኦም ዝኾልዕ ምርጫ ብልክዕ ኣጸፊርኮም ክተሰፍርዎ ይግባእ።

ተመሃሮ ካብ'ቲ ዝዕዘብዎ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ከም ፊልምን ደርፍን ከምኡ'ውን ቪድዮ ጌይም ውሑድ ዘይኮነ ካብ ትሕዝቶኦም ሱምጥር ዝኸደሎ እዩ። ዋላ'ኳ ኣብዚ ኣተኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ እንተዘየለ፡ ካብ ትዕዝብቲ ምርኩስ ብምግባር፡ ምስ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብና ዘይሰማማዕ ኣይኮነን። ተመሃሮ ብዝያ እዮም ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝፈርዩ ትሕዝቶታት፡ ዋላ'ውን እዮም ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝፈርዩ ክዕዘቡን ክከታተሉን ኣብ ዝኽእሉሉ ዕድመ ስለዘይበጽሑ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ክዝይድ ግድን እዩ። ስለዚ፡ ወለድን መማህራንን ጥቡቕ ምክትታል ብምክያድ ባህሎም፡ ልምዶም፡ ታሪኾምን ሃይማኖቶምን መታን ብዋጋ ክፈልጡ ክዮተሓለሉ ክጽዕሩ ይደሉ። ወለዲ ንደቆም ክከታተልዎምን ክቈጻጸርዎምን ብቕኑዕ መገዲ ንኽበጽሑ ክመኽርዎም ኩሉ ክምዕድዎም ይኽእሉ እዮም። እንተኾኑ ውላዶም ካብ ቤቱ ምስ ወጹ ኣብቲ ግዳም ዓለም ብዘቐብሎ ህቦብላ ንፋስ ክርሓኽ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ደቆም ብባህሊ ባዕዳውያን ከይብረዙ ከይሰልከዩ ብቐጻሊ ክከታተልዎም ይግባእ። ከምኡ'ውን፡ መንእሰያት ኩሉ ዝዕዘብዎ ቅኑዕ ክመስሎም ስለዝኽእል፡ ካብ ቃራና መንገዲ ተኣልዮም ብቕኑዕ መኣዝን ንኽምሩሹ እንተላይ ኩሉ ሕብረተሰብ ክሰርሓሉ ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ሕብረተሰብ ሎሚ ዝም ወለዶ ዝትካእ ክኣልየምን ክምእዝዞምን እንተዘይክኢሉ፡ ጸገሕ እዋኑ ምስ ሓለፈ ክመልሶም ከቢድ ስለዝኸውን።

ከም ዝፍለጥ፡ ሓደ ንጥፈት ብዘደጋግሚ እንተ ተተግቢሩ፡ ናብ ወልፊ ክሰጋገር ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ ጸወታ ቪድዮ ጌይም ናብ ወልፊ ክሰጋገር ከም ዝኽእል ተረጋጊጹ እዩ። ሳዕቤናት ወልፊ ኣዝዩ ብዙሕ ኰይኑ፡ ንኸኑት ኣእምሮን ጥዕናን፡ ኣጠቓቕማ ግዜ፡ ማሕበራዊ ርክባትን ካልእን ብቐንዱ ብኣሉታ ከም ዝጸሉ ይሕበር። ስለ'ዚ፡ ተመሃሮ ሎሚ ብዝፍልምዎ ንኣሽቱ ንጥፈታት፡ ንዘይተፈላለዩ ዓበይቲ ሽግራት ከይተቓልዑ እንክለው፡ ብኣግኡ ንኤሌትሮኒክ መሳርሒ ብኣገባብ ክጥቀምሉ ይግባእ። ኩሉ ሰብ ምስ ሓደሽ ምዕባለን ርኽበትን ክበጋዝ ኣጉዳሲ እዩ። እኳ እንተኾነ፡ ብቕርዕው መገዲ ምስ ዝኸውን ከኣ ዝያዳ ተመራጽን ጠቓምን ይገብር። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ማዕዶ ዘሎ ንኽንቆጮብጥ፡ ኣብ ኢድና ዘሎ ጸጋታት ከይጠፍእ ክንጥንቀቕ ኣሎና።



## ነጸብራቕ ኣተዓባብያና ዲና . . .

ሓደ ህጻን ካብቲ ፈለማ ዝጊ ገፊሕ ዓለም ዝተላለየሉ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ዘሎ ዓመታት'ውን እንተኾነ ብደገፍ ስድራ-ቤቱ'ዩ ስጉሙ ዝጅምር። ብእኡ መንጽር፡ እታ ስድራቤት ኣብ ውላዳ እትቕብኦ ሕብራ ነጸብራቓ ምኳኑ ኣሚና፡ ኣብ ምድማቑን ምጽባቑን ከይተሓለለት እትሰርሕ። ወለዲ፡ ንውሉዶም ንዋታዊ ቀረብት ንምውዳድ፡ ወገሑጸብሓ ደኺምና ከይበሉ ነዊሕ ሰዓታት እናሰርሑ፡ ድሌታቱ ንምምላእ ይጽዕሩ። ፍረ ድኻሞም ብጽቡቕ መጻኢ ውላዶም ከም ዝድበስ ስለዝኣምኑ ከኣ፡ ወትሩ ከይሰልከዩ ይሰርሑ። እንተኾነ፡ ንቑልዓ መግቢ፡ ክዳንን ካልእ ንዋታዊ ቀረብን ምምላእ ጥራይ ኣይኮነን ዘድልዮ፡ ማዕረ ኩብዱ ከይጠሞ፡ ዝኾኑ ብቑርን ጹሓይን ከይግረፍ ዝገበረሉ ክንክን ንኣእምሮኡ'ውን መግቢ ከም ዘድልዮ ምግንዛብ የድሊ። እምበኣርከስ'ሲ ኣካላዊ ጥራይ ዘይኮነ ኣእምሮኣዊ ዕብየት'ውን ኣገዳሲ ክፋል እዩ።

ወለዲ ምስ ውላዶም ጥቡቕ ዝምድና ብምምስራት፡ ውሽጣዊ ድሌቶም ንምፍላጥን ምፍታሽን ጽቡቕ ናይ ምምብህዛል መድረኽ ካብ ንኡስ ዕድሚኡ ክጅምርዎ ኣለዎም። ወለዲ ፈለማ ኣዝዩ ደቆም ኩይናም ውሽጣዊ ስምዒታት ክምርምሩ ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ውሉድካ ንኻልእ ሰብ ውሽጡ ዝነፍት እንተኾይኑ ኣብ መንጎ ሃገፍ ስለዝፍጠር፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ውላድካ ከም ዘይትፈልጦ ዘብርህ ኩነት ክኸስት ይኽእል። ስለዚ፡ ወለዲ ኣብ ንኡስ ዕድመ ምስ ውላድኩም ድልድል ዝምድና ምምስራት ኣገዳሲ እዩ። ንቖልዑ ብናጻ ድሌታቶም ሓሳባቶም ክገልጹ ዕድል ክወሃቦም ይግባእ። መብዝሕቱ እዋን "ስቕ በሉ፡ ከም'ዚ ከይትብሉ፡ ከም'ዚ ኣይትሰርሑ. ... " ዝብሉ ኹሕነት ሓረጋት ብወለዲ ክደጋገሙ ይሰምዑ እዮም። ከምዚ ኣገባብ ኣዘራርባ ወይ መኹሕኒቲ ውላድካ ሱምጥር ክህልዎ ካብ ዝብል ሓሳብ እኳ ዝበገስ እንተኾኑ ምሕር ክደጋገም ወይ ክበዝሕ እንከሎ ንውላዳ ናብ ሓደ ጥቕሚ ዘይብሉ ወይ ሓሳቡን ድሌቱን ክገልጽ ዘይኽእል ሰብ ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ክንዲ ምኹሕንን ምህራምን ኩሉ ኣወዝዲፍኩም ደቅኹም ዝብልዎ ጸን ኢልኩም ብምስማዕ ርእሱተኣማንነት ክውንኑን ክተተባብዕዎም ይግባእ። ቈልዑ ብጽቡቕ ሱምጥር ተኾሲኩሶም ንኽዓብዩ፡ ካብ ንኡስ ዕድመኦም ንዓለም ብእወታዊ መንጽር ንኽዕዘብዋ ተራ ወለዲ ልዑል ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣእምሮ ውላድኩም ጽቡቕ ዘርኢ ክትዘርኡ ይግባእ። ፍረ ጽቡቕ ዘርእኹም ድማ ብብዙሀ መጻኢ ደቅኹም ክትኣኩልዎ ኢኹም።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሶሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቻርለስ ዲከንስ

ቻርለስ ዲከንስ ኣብ 1812 ኣብ 'ፖርትስማውዝ' ኣብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ዓዲ እንግሊዝ'ዩ ተወሊዱ። ሓደ ካብቶም ሸሞንተ ቆልዑ ዘፍረየት ስድራ እዩ። ቻርለስ ዲከንስ ኣብ ስነጽሑፍ ዓዲ እንግሊዝ ዝያዳ ፍሉጥ ጸሓፊ እዩ።



ወሩይ እንግሊዛዊ ደራሲ. ቻርለስ ዲከንስ፡ ወለዱ ኣዝዮም ድኻታት ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ ብዕዳ ተኸሲሶም ኣብ ቤት ማሕበስ ዝኸርተቱ'ውን ነበሩ። ንሱ ወዲ 12 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ ኣብ ሓደ ፋብሪካ ምጽራይ ጫማ ይሰርሕ ነበረ። ኣብታ ፋብሪካ እናሰቀለ ብርሃኑ'ዩ ዝናበር ነይሩ።

ዲከንስ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ዝና ዘለዎ ተዋሳኣይ ክኸውን ድሌት ነበሮ። ንሞያ ተዋስኦ ጀሚሩዎ እኳ እንተነበረ ብዘይተፈላለዩ ምኽንያታት ግን ክቕጽሎ ኣይከኣለን። ከም ሪፖርተር ኮይኑ እናሰርሐ እንከሎ፡ ዲከንስ ናይ ብሉጽ ብልሒ ከም ዘለዎ'ዩ ተረጋጊጹ። ድሒሩ ብመጽሓፍም ሓጸርቲ ዛንታታት ፍሉይ ክብሪ ክረክብ ኣይደንጎየን። ኣብ 1836 ናይ መጀመርታ ልቢወለዱ 'ዝ ፒክዊክ ፔፐርስ' ዘርእስታ ጽሒፉ። እዛ ልቢ-ወለድ ኣብ ወርሒ ልዕሊ 40,000 ቅዳሓት ትሸየጥ ነይራ። ብዘረኸቦ ኣታዊ ድማ ሃብቲ ኣኻዕበተ።

ዲከንስ ኣብ ውልቃዊ ባህርያቱ'ውን ዝምስገን ጠባይ ነይሩዎ። ምትእኽኻብ ዝፈቱ ሰብ እዩ ነይሩ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ከኣ ናይ ባዕሉ 'ዩራንያ ኮቴጅ' ትብል ናይ ግብረ ሰናይ ትካል ማስረተ።

ዲከንስ ፍሉጥ ግብረ ሰናይ ነይሩ። ብዙሕ ጽቡቕ ተግባር ከም ዝነበረ እዩ ዝንገረሉ። ብፍላይ ኣብ ጉዳያት ድኽነት፡ ህጻናትን ትምህርትን ዓቢ ሓገዝ እዩ ኣካይዱ። እቲ ትካል ሓገዝ ንዝደልዩ ደቂ-ኣንስትዮ መዕቆቢ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ንጀመርቲ ጽሓፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ኣተባቢዑ እዩ።

ዲከንስ ኣብ ርእሲ ምጽሓፍ ልቢ-ወለድ፡ ኣሰናዳኢ ናይተን ሰሙናዊ መጽሔታት'ውን ነበረ። ብዘተፈላለዩ ጽሓፍቲ ዝቐረቡ ጽሑፋትን ሓጸርቲ ዛንታታትን ዝሓዙ እየን። ዲከንስ ከም 'ሃርድ ታይምስ' ዝኣመሰሉ ናይ ገዛእ ርእሱ ልቢ-ወለዳት ብመጽሔታቱ ኣቢሉ ብተኸታታሊ ዝዘርግሖም ኮይኑ፡ ካብ ካልኦት ጽሓፍቲ ንዝመጽኡ ጽሑፋት'ውን ብሓገዝ ይቕበል ከም ዝነበረ እዩ ዝግለጽ። ቻርለስ ዲከንስ ምስ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ምስ እንስሳታት'ውን ፍሉይ ፍቕሪ ነይሩዎ። ብፍላይ ከኣ ምስ'ቲ 'ዱክ' ዝበሃል ፈረሱ። ካብ 1837 ክሳብ ዕለተ ሞቱ 1870፡ መጻሕፍቱ ኣብ መላእ ዓለም ናብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብምትርጓም ይንበቡ ስለ ዝነበሩ፡ ፍሉጥ ክኸውን ክኢሉ። ዲከንስ ብዙሓት ጽሑፍቲ ሸለል ዝበልዎ ኣርእስታት ጽሒፉ እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ድኽነት ዝነብሩ ዝሓመሙ፡ ካልኦትን፡ ብዙሓት ካብቶም ዝጸሓፎም ገጸ-ባህርያት ኣብ ሓቀኛ ህይወት ሰባት ዝተመርኰሱ እዮም። እዚ ድማ ኣንበብቲ ንዛንታታቱ ዝያዳ ክርድእዎን ኣብቲ እዋን ብሪጣንያ ከመይ ከም ዝነበረት ከስተንትኑን ገይሩዎም እዩ። ዲከንስ ክሳብ ሕጂ ከም ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጽሓፍቲ ብሪጣንያ ይቑጸር። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ድማ ኣብ ዓሰርተ ፓውንድ - ባጤራ ዓዲ ኢንግሊዝ ስእሉ ንረኽቦ። ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ሓቂ ለውጢ ንምምጻእ ዝደፍአ ዓቢ ፈላሚ ጸሓፊ ምኻኑ እውን ይንገረሉ።

ቻርለስ ዲከንስ 15 ልቢ-ወለዳት፡ ኣማኢት ሓጸርቲ ዛንታታትን ጽሒፉ። ከም 'ኦሊቨር ትዊስት'፡ 'ግሬት ኤክስፐክተሽንስ' ዝኣመሰሉ ልቢ-ወለዳት ክሳብ ሎሚ ይሸየጣ ኣለዋ። መጻሕፍቲ ቻርለስ ዲከንስ ኣጉዳሲ ኣካል ስነጽሑፋዊ ውርሻ ብሪጣንያ ኮይኖም እዮም።

ዲከንስ ድማ ሓደ ካብቶም ኩሉ ግዜ ተፈተውቲ እንግሊዛውያን ጸሓፍቲ እዩ። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጸሓፍቲ ታሪኽ ህይወት ቪክቶርያ ተባሂሉ እዩ ድማ ዝዝከር። ልቢ-ወለዳት ቻርለስ ዲከንስ፡ ፍቕሩ ዕርክነት፡ ሓዘን፡ ድኽነትን ጭካነ ቁልዕነትን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ ህይወት ይድህስሱ። ንንኣሽቱ ኣንበብቲ ዝበለጸት መጽሓፍ ቻርለስ ዲከንስ 'ኦሊቨር ትዊስት' ኢያ። ዘኽታም ኦሊቨር ትዊስት ካብቲ ዝተወልደሉ ቦታ ሃዲሙ ብእግሩ ናብ ለንደን ምስ በጽሐ፡ ንዘገጠሞ ሕያወት ኢያ ትገልጽ። ቻርለስ ዲከንስ ዝጸሓፎ ዝያዳ ፍቕራዊት መጽሓፍ 'ግረይት ኣክስፐክተሽን' ኮይና፡ ሓደ ድኻን ዘኽታምን ወዲ ምስ ሓንቲ ጽብቕቲን ሃብታምን ጓል-ኣንስተይቲ ከመይ ኣቢሉ ኣብ ፍቕሪ ከም ዘውደቓ ትገልጽ። ዲከንስ ኣብ'ቲ ንፈለማ ግዜ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝገበሮ መገሻ፡ ካብ ብዙሓት ደገፍቱ ኣድናቖት ረኺቡ እዩ። ኣብ መበል 58 ዓመት ዕድመኡ ሃንደበት ምስ ሞተ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዓቢ ስንባደ ፈጢሩ። ዳግማይ ሓዳስ ልቢ-ወለድ ቻርለስ ዲከንስ ኣይክዝንብዐን ኢና ብምባል ድማ ምእማን ሰኣኑ።

## ኩባንያ ቮልክስዋገን

ቮልክስዋገን (Volkswagen ) ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ኣፍረይቲ መካይን ሓደ እዩ። ቮልክስዋገን ዋና ትካል ቮልክስዋገን ኣስታት 170 ሽሕ ሰራሕተኛታት ኣለውዎ። ኣብ 2023 ኣስታት 9.24 ሚልዮን ተሽከርከርቲ ናብ ዕዳጋ ከም ዘቕረበ ይፍለጥ። እቲ ትካል ብናይ ኣሕጽሮት ቃል፡ 'ቭዳብልዩ' (VW)



ተባሂሉ ይፍለጥ። ቮልክስዋገን ብቛንቋ ጀርመን "ናይ ህዝቢ መኪና " ማለት እዩ። እዚ ስም ነቲ ማብቁዓዊ ዕላማ ናይቲ ኩባንያ ዘንጸባርቕ እዩ። ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ጀርመን ከተማ ዎልፍስበርግ ይርከብ። ከም ታሪኽ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ኣዶልፍ ሂትለር ዝነበረ መንግስቲ ጀርመን ኩባንያ ቮልክስዋገን ብ28 ግንቦት 1937 እዩ ብወግዒ ተመስሪቱ። ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ፍሉጣት ኩባንያ መፍረ መካይን እዩ። ኣብ ኤውሮጳ እቲ ዝዓበየ ኩባንያ መፍረ መካይን እዩ።

እዚ ኩባንያ ብዓለም ደረጃ ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ኣብ 17 ሃገራት ኤውሮጳ ኣስታት 114 ጨንፈር መሸጣ መካይኑ ኣብ 29 ቦታታት መፍረዪ ቦታ ኣለዎ። ኣብ ሰሜናዊ ደቡባዊ ኣመሪካ፡ ኤሲያን ኣፍሪቃን ጨንፈር ናይቲ ትካል ይርከብ።

ክሳብ 2026 ሓደስቲ ናይ ኤሌክትሪክ መካይን ንኸፍሪ ከም መደብ ተታሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ኣስታት 18 ቢልዮን ዩሮ ተሰሊዑ ኣሎ። ክሳብ 2030 ዘሎ ግዜ እቲ ትካል ብውሑዱ 70% መሸጣ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ መካይን ኣብ ኤውሮጳ ክኸውን ከም መደብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ቮልክስዋገን ካብ 2033 ጀሚሩ ኣብ ኤውሮጳ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ተሽከርከርቲ ጥራይ ንምፍራይ ዕላማ ኣቐሚጡ ኣሎ።



## ፎሮፎር

ርእስና ክንሕርግፍ ወይ ክንሓኽኽ እንከለና ናብ መንኩብናን ክሳድናን ዝረግፍ ንኽትርእዮ ደስ ዘይብል ዘሳሒ ግና ድማ ዘይጉዱእ ጻዕዳ ርፍራፋት ፎሮፎር ተባሂሉ ይጽዋዕ። ፎሮፎር ናይ ቆርበት ርእሲ ሕማም እዩ። ዋህዮታት ናይ ሰር ጸጉሪ ርእሲ ቀልጢፎም ክዓብዩን ክሞቱን እንከለዉ ዝፍጠር ጸገም እዩ። ጠንቂ ፎሮፎር ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ልሙድ ዓይነት ፋንጋስ ዝኾነ ማላሰዚያ፡ ከስዕቦ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ይእመነሉ። እዚ ዓይነት ፋንጋስ ኣብ ጥዑይ ርእሲ ዘለዎ ሰብ ኣብ ንብረ እዋን ዝርከብ ኮይኑ ክሳብ ኣካላት ባዕሉ ናይ ኑበሰ ምክልኻል ጸገማት ኣማዕቢሉ ናብ ተጓዳኢ ዘቕድሮ ንብረ ኮይኑ ይጸንሕ። ድሕሪ እዚ ግዜ እዚ ድማ ተጓዳኢ ይኸውንን ኣብ ርእሲ ጻዕዳ ርፍራፋት ክፈጥር ይጅምር። ፎሮፎር ምስ ጸቕጢ ኣእምሮ ምትሕሓዝ ዘለዎ ኮይኑ ዝያዳ ኣብ እንጭቆቕሉ እዋን ይወሰኽን ይገድድን። ብዘይካ'ዚ ቁሩ ደረቕ ኩነታት ኣየርን ምድራቕ ቆርበት ርእስን ከጋድድዎ ይኽእሉ። 'ሴቦርያ ደርማታይትስ' እቲ ቐንድን ልሙድን ዓይነት ፎሮፎር ኮይኑ ብዘይካ ኣብ ርእሲ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካላት ከም እዝንን ገጽን እውን ክረአ ይኽእል እዩ። ፎሮፎር ዘይተጓዳኢ ብምዃኑ ኣብ ቤት ባዕልኻ ክትፍውሶ ዝኽእል'ውን እዩ። ዘቤታዊ ፍወሳ መመሸጥ ተጠቒምካ ካብ ሰር ጸጉሪ ጀሚርካ ምምሻጥ። እዚ ምግባር ኣብ ርእሲ ዝጸንሐ ርስሓት ክእለ ይሕግዝ። ንመናፈት ጸጉሪ ርእሲ ሽፈኑዎ ዝጸንሐ ቅብኣት ኣልዩ ንሰር ጸጉሪ ከቓቕሖን ጥዕና ጸጉሪ ክሕሎን ይሕግዝ። ንፎሮፎር ተባሂሎም ዝዳለዉ ዓይነታት ሻምፖ ምጥቃም ሓጋዚ እዩ። እዚ ኣብቲ መትሓዚ ናይ ሻምፖ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒምካ ክትግበር ይከኣል። ናይ ፎሮፎር ሻምፖ ካብ ትካል ናብ ትካል



ክፈላለዩ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ኣብ ርእሲ ክፈጥሩዎ ዝኽእሉ ጸገማት ውሑድ ብምዃኑ፡ እናቐያየርካ ምፍታኖም የድሊ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንሓከም ቆርበት ምውካስ ሓጋዚ እዩ። ቅብኣት ርእሲ ናብ ቆርበት ከም ዝበጽሕ ገይርካ ምልካዩን ብዋዕዩ ንቆርበት ምስ መዝኮ ድማ ምሕጻቡን ሓጋዚ እዩ።

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ትብዓት ከም ጭዋዳ እዩ። ዝያዳ ምስ ንጥቀመሉ ኢና እነሐይሎ።" - **ሩት ጎርደን**
- "ንዘኾኑት ጓል-ኣንስተይቲ ክህልዋ ዝኽእል ዝበለጸ መከላኸሊ፡ ትብዓት እዩ።" - **ኤልዛቤት ካዲ ስታንቶን።**
- "ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ብፍላይ ከኣ ዓርቢ፡ ምስ ውሽጥኻ ዳግማይ ሰላምካ እትረኽበሉ ግዜ እዩ።" - **ዘይተፈልጠ።**
- "ራኢ ዘይብሉ ሰብ ክንፊ የብሉን።"- **መሓመድ ዓሊ**
- "ኩሉ ክትሓስቦ እትኽእል ሓቂ እዩ።" - **ፓብሎ ፒካሶ**
- "ኣብ ህይወትካ ኣገዳሲ ውሳነ ቅድሚ ምውሳድካ፡ ኩሉ ግዜ ዘዛንይ ነገር ክትገብር ጽቡቕ ሓሳብ እዩ።" - **ፓውሎ ኮልዮ**
- "ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ምርጫ ኣሎ። ንውጥረት ወይ ንሰላም።" – **ጆኣን ቦሪሰንኮ**
- "እቲ ዕዉት ሰብ ካብ ጌጋታቱ ይመሃር እሞ፡ ብኻልእ መገዲ ከም ብሓድሽ ይጽዕር።"- **ዴል ካርነጊ**
- "ተስፋ ምህላው ናብ ዓወት ዝመርሕ እምነት እዩ። ብዘይ ተስፋን ምትእምማንን ዝግበር ነገር የለን።" - **ሄለን ከለር**

# ጥንታዊ ጽሑፋት ኤርትራ

ኣኽሊሉ ኣማኑኤል ተኽለኣብ
ዩኒቨርሲቲ ሃምበርግ - ጀርመን

(3ይ ክፋል)

*ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም መእተዊ ብዛዕባ ጥንታዊ ጽሑፋትን (Manuscripts) ኣገዳስነቶምን ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ዓውዲ ሰፊሕ ብምዃኑ፡ ንሓደ ካብ ጥንታውያን ጽሑፋት ማለት 'ብራና' ወሲድና ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ናይቲ ስምን ኣብዚ ከባቢ ክዝውተር ዝጀመረሉ እዋንን ኣዝቲብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

## ስነጥንታዊ (ኣርከኦሎጂያዊ) መርትዖታት

ቀደም ዘመን እዚ ወረቐት እንኳብሎ ዘመናዊ ምህዞ ስለዘይነበረ፡ ቀዳሞት ጸሓፍቲ ኣብ ቅሎጥ ፓፒረስ ዝተባህለ ዓይነት ተኽሊን ብራናን እዮም ዝጽሕፉ ነይሮም። ኣብ ፓፒረስ ዝተጻሕፈ ጽሕፈት ንወለዶታት ኪቕጽል ስለ ዘይክእል ድማ፡ ጸሓፍቲ ዝያዳ ኣብ ብራና ክጽሕፉ ይመርጹ ነበሩ። ኣብ ብራና ዝተጻሕፈ ጽሕፈት ኣተዓቃቕባ እንተደኣ ኣጸቢ'ቕናሉ፡ ንልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመታት ክዕቀብ ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ሓደ ክዝከር ዘለዎ ነገር እንተልዩ፡ ኣብ ከባቢና ክሳብ ሕጂ ብዝተገብረ መጽናዕቲ ካብ ቀደም ጀሚሩ ኣብ ቆርበት ወይ ኣኻውሕ ይጽሓፍ ምንባሩ እዩ። እዚ ከባቢ'ዚ ምስ ስልጣነ ግብጺ ጥቡቕ ዝምድና ከምዝነበሮ ዝፍለጥ እዩ። ግብጻውያን ብፍላይ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ መጽሓፊ ካብ ፓፓይሩስ እዩ ዝነበረ። ዋላ'ኳ ዳህሳስ ብዓቢኡ ኣይተገብረ እምበር ብፍላይ እዚ ፓፓይሩስ ዝበሃል ተኽሊ ኣብ ሃገርና ከምዘሎ ይንገር እዩ። እዚ ተኽሊ'ዚ ካብ ቀደም እንተኒይሩ ከኣ ካብ ግብጺ ኣስራርሓ ተማሂርና ክንጥቀመሉ ዝዓበየ ተኽእሎ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ብራና ካብ ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ፡ ብፍላይ ኣብዚ ከባቢ ዝነበሩ ህዝብታት ዝማዕበለ ስለዝነበረ፡ ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ብራና ዝበለጸ ነዊሕ ግዜ ከይተበላሸወ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎ ስለዘለዎ ዝበዝሑ ጥንታዊ ጽሑፋትና ኣብ ብራና ተጻሒፎም ኢና ንረኽቦም።


ብሰነድ ክሳብ ሕጂ ብዝተረኽበ ጭብጢ መርትዖ ከምዝተረጋገጸ፡ ኣብ ኤርትራ ተጠቂምካ ብራና ብዝምልከት እንተውሓደ ናይ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመት ታሪኽ ዘለዎ እዩ። ናይዚ ጭብጢ ወይ መርትዖ ድማ እቶም ቀዳሞት ብራና ኣዳልዮም ዝጽሕፉ ዝነበሩ ሕብረተሰባት፡ በቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራን ትግራይን ዝተኻየደ ከዕታ፡ ኣብ መበል 8 ሚእቲ ዓመት ቅድመ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝነበረ ሰፈራታት፡ ዝተረኽበ ብሓጺን ዝተሰርሐ መፍሓቐ ቆርበት (ማስርሒ ብራና) እዩ፣ (L. Phillipson 2013)።

## ዓይነት ብራናታት

ብሓፈሻ ኣብ ሃገርና ኣርባዕተ ዓይነታት ወጽኢት ብራናውያን ጽሑፋት ይርከቡ። ንሳቶም ከኣ፦

### ሀ. መጽሓፍ (codex)፦

እቲ ቀንዲ ብብዝሒ ንረኽቦ መጽሓፍ ብራና ኮይኑ፡ ብብዝሒ ጥማር ፎልዮታት (quires) ዝቖመ፡ ቅርጺ መጽሓፍ ሒዙ ዝርከብ እዩ። እዚ ዓይነት መጽሓፍ ንምስርሑ ብዙሕ ጥበብ ዝሓትት እዩ። ልክዕ ከምቲ ሓደ መሃንድስ ንሓንቲ ቤት ንምህናጽ መደብ ዘሕንጽጽ ኣብዚ'ውን ተመሳሳሊ እቲ ጸሓፋይ (scribe) እንታይ ዓይነት መጽሓፍ ኩዳሉ ብኽንደይ ፎልዮ፣ ማስመር (Lines)፣ ዓምዲ (column)፣ እንታይ ዓይነት ሓረግ፣ ስእሊ፣ ቀለም ከዳሉ ከምዝለዎ ሓንጺጹ እዩ ዝወስን።




ደብረ ቢዘን; መጽሓፊ ብራና፣ ክልተ ዓምዲ (column) ዘለዎ፣ ኣብ UNESCO ዝተመዝገበ።

### ለ. ጥቕላል ማዕረ ቁመት (scroll)፦

እዚ ዓይነት ጥቕላል ብራና ሓደ ካብቶም ናይ ጥንቲ ብፍላይ ኣብ ኣይሁድ ድሒሮ'ውን ኣብ ክርስትና ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ እዩ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ግን ካብ ጥቕላል ብራና ናብ መጽሓፋዊ (codex) ከምዝተቐየረ ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ንረኽቦ፡ ኣብ ሃገርና፡ እዚ ዓይነት ጥቕላል ብራና ብፍላይ እኳ እንተዘይሃለወ ክሳብ ሕጂ ኣብ ባህላዊ ፍወሳ ማለት ካብ ተጻብኦ ወይ ሕማም ንምክልኻል ተባሂሉ ዝዝውተር ዓይነት ብራና እዩ። ኣብኡ ዝሰፍር ጽሑፍ ከኣ ወይ ንቑመት ወይ ከኣ ንጎድኒ ይጽሓፍ። ማዕረ ቁመት ዝተባህለሉ፡ ሙብዝሕትኡ እዋን ብስም፡ ንቲ ተገልጋሊ ተባሂሉ ብማዕረ ቁመቱ ስለዝዳሎ እዩ። ኣብ ልዕሊ መደቀሲ ወይ'ውን ኣብ ትሕቲ መደቀሲ ናይቲ ተጠቃሚ ድማ ይቕመጥ።

### ሐ. ሰንሰል (Concertina or accordion)፦

### መ. ክታብ፦

እዚ እቲ ዝንእሰ ዓይነት መጽሓፊ ብራና እዩ። እዚ'ውን ከም ማዕረ ቁመት ንመከላኸሊ ሕማም/ባህላዊ ፍወሳ ተባሂሉ ኣብ ክሳድ፣ ቅልጽም ኢድ፣ ኣብ ዓንዲ ገዛ ዝእሰር ዓይነት ብራና እዩ።

ትሕዝቶን ብዝሕን ብራና

መጻሕፍቲ ብራና ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓውድታት እዮም። ንታሪኽ፡ ስነፍልጠት፡ ምርምር፡ ስነቋንቋ፡ ሕገእንዳ፡ ፍልስፍና፡ እምነት፡ ስነመድሃኒት፡ ሓሳብ፡ከዋኽብቲ፡ ስነጽሑፍ . . . ስነስእሊ፡ ብዛዕባ ቅርጺ ብዛዕባ ከነ ሕንጻ ብዛዕባ ከነ ሓጺን/ዕደና . . ቅኔ፡ ግጥምታት፡ ማሕሌት፡ ኣወሉ፡ ወዩ፡ ደርፌ፡ መዝሙር፡ ዜማ፡ ምስጢራት፡ ኣርከ፡ መልክዐ መልክዑ፡ ወዘተ. . . ዝምልከት ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም።

ኣብ ሃገርና ልዕሊ ሽውዓተ ሽሕ መጻሕፍቲ ብራና ኣብ ጉዳማት፡ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ኣብያተ ንዋይ፡ ኣብ ኢድ ውልቀ ሰባት . . . ይርከቡ ዝብል ዝተጸንዐ ግምት ኣሎ። ናይዚ መርትዖ'ዚ ድማ ብምእካል ምርምርን ስነዳን ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ 2000-2003 ዝተኻየደ ከፊላዊ ዳህሳስን ምዝርጋን ብራናታት ኮይኑ፡ በቲ ዝተኻየደ ዳህሳስ ልዕሊ 6000 ብራናታትን ንዋየ ቅዱሳትን ከምዝተመዝገበ ሓበሬታ ናይ ማእከል ምርምር ይጥቅስ። እዚ መጽናዕቲ ከፊላዊ እዩ። ስለዚ ድማ በዚ መጽናዕቲ ዘይተሸፈኑ ኣብያተ ንዋይ፡ ጉዳማት፡ ኣደባራት፣ ኣብ ኢድ ውልቀ ሰባት ዝርከቡ ብራናታት ኣብ ግምት ምስ ዝኣተው፡ እቲ ቁጽሪ ዝያዳ ክኸውን ከምዝኽእል ንጹር እዩ።

ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ፡ እዚ ቁጽሪ'ዚ ኑቲ ኣብ ወሽጢ ሃገር ዘሎ ብራናታት ደኣ እምበር ኑቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት (ስርቂ፡ ዝምታ፡ መሸጣ፡ ወዘተ.) ኣብ ዝሓለፋ ዘመናት ካብ ሃገር ዝተወስደ እሞ ኣብ ኣብያተ ንብረትን ኣብያተ መዘክርን ኤውሮጳን ኣፍሪቃን ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ዘሎ ብራናታት ሃገርና ዘጠቓልል ምዃኑ እዩ። ማሲሞ ቪላ ዝተባህለ ኣብ ሃገርና ኣትዩ መጽናዕቲ ዘካየደ ተመራማሪ ካብቲ ዝተዓዘቦ ብብዝሒ ዘለዎ ብራናታት ተሞርኲሱ፡ "ኤርትራ መሬት መጻሓፍትን (ብራናታት) መነኮሳትን እያ" (M. Villa 'Eritrea is a land of books and monks') ክብል ኣብ ሓደ መጽናዕቱ ይገልጽ።

**ኣገዳስነት/ኣድላይነት**

ጥንታዊ ጽሑፋት ቀንዲ መወከሲታት ናይ ታሪኽ፣ ምዕባለ፣ ፍልስፍና፣ ሃይማኖት፣ ምሕደራ፣ ቁጽሪ፣ ስነፍልጠት፣ ስነጥበብ፣ ባህሊ ወዘተ ስለዝኾኑ፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ወይ ህዝቢ ኣገዳሲ ክፋል መንነትን ባህልን ታሪኽን እዮም። ቀዳሞት ወለዲ ጥንታዊ ጽሑፋት ስለዝበሮም፡ ባህሎም፡ ታሪኾም፡ መንነቶም፡ እምነቶም፡ ቋንቋኦም ናብ ዝመጽእ ወለዶ ንኸሰጋግሩ ኣዝዩ ሓጋዚ ነይሩ። ቀዳሞት ወለድና ዝበርዎም ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን እንረኽበሉ ቤት መዝገብ፡ ፍልጠት ዝሓቖፈ ወርሻ ስለዝኾነ ኣገዳሲ እዩ፤ መጻሕፍቲ ብራና ብሓፈሻ፦

* ምንጪ መንነት፡ እምነት፡ ባህሊ፡ ታሪኽን ስልጣነን
*መሰረት ስነ ጽሑፍ፡
*እመናት ምስክር ትውፊትን ወርሻን ስነሃይማኖት፡ ስነምግባር፡ ስነጥበብ እዮም።

ዘመናዊ ሕትመት ኣብ ሃገርና ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ቅድሚ ምትእትታው፡ ፍልጠት ኮነ ሓበሬታ ብመንገዲ ጥንታዊ ጽሑፋት ብራና እዩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ነይሩ። ብርግጽ'ውን ቅድሚ 20 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ዝበዝሐ ታሪኽ ሃገርና ኣብ ብራናታት፡ ውቕሮ እምኒ ብሓጺን ዝተሰርሐ ገንዘብ (ሰናቲም)፡ ካይሉ፡ ጥንታዊ ኣሰራት መናድቕን ካልእ ቅርሲታትን ስለዝርከብ፡ ኣገዳስነት ጥንታዊ ጽሑፋት ብዝሓዝዎ መልእኽቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብህላወኦምን ኣብኦም ተመርኲሱ ዝካየድ ዘመናዊ ስነፍልጠታዊ፡ ስነቋንቋውን ስነጥበባውን ምርምራትን እምበር መጠን ዓቢይ እዩ።

ዛጊም ሕጂ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ዘለና እዞም ጥንታዊ ጽሑፋት፡ ምንጪ ታሪኽ፡ መንነት፡ ምሕደራ፡ ሕጊ፡ ባህሊ ሓበሬ ምንጪ ኣታዊታት ብምዃን ከገልግሉና ዝኽእሉ እዮም። ኣብ ሃገርና ዘለዉ ብራናታት ዕምቈ ዝበለ መጽናዕቲ ዘድልዮም እኳ እንተኾኑ፣ እቶም ብብዝሒ ንረኽቦም ካብ ከባቢ 14 ክፍለዘመን ንደሓር ዝተጻሕፉ እዮም። እዚ ግዜ እዚ ከኣ ትንሳኤ ግእዛዊ ስነጽሑፍ እዩ ዝበሃል። ብርግጽ ምስ ምትእትታው ክርስትና ከምኡ እውን ምዕባለ ግእዝ ማለት ኣናብብቲ ምስ ተጉብሮ፣ ብዙሕ መጽሓፍቲ ካብ ግሪኽ፣ እብራይስጥ፣ ዓረብ፣ ሶርያ፣ ቅብጥ ...ወዘተ ናብ ግእዝ ተተርጒሞም እዮም። በዚ መንጽር ክርእ እንከሎ እዞም ዘለዉ ጽሑፋት ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ኣብ ኣኻውሕ፣ ሓጺን፣ ብፍላይ ድማ ቆርበት ምስ ምንዋሕ ግዜ እናኣረገን እናተበላሸወን ስለዝኸይድ ፍሉይ ዕቓበን ክንክንን እንተ ዘይተገይሩሉ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎኡ ውሑድ እዩ።

ይቕጽል . .


ጥቕላል


ማዕረ ቁመት

እዚ ዓይነት ብራና ምስ ጥቕላል ማዕረ ቁመት ዝመሳሰል እዩ፡ ኣብ መንጎ ዕጻፍ ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ክልተ ሜፋት ከኣ ምስ ጣውላ ወይ'ውን ምስ ቆርበትይሰሪ፣ ተዓጺፉ ጸኒሑ ዝዝርጋሕ ድማ እዩ።



**ሉማኒኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ኤረና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 14:05 | ፊልም ቻይና |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ስነ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመትሰ.ትኻም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ድሓን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዶክመንታሪ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Truck Crane Operator
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities

- The Crane Truck operator is responsible for safely operating the truck in all areas of the mine site.
- This operator is responsible for driving the truck as well as operating the crane fitted to the truck in a safe and responsible manner
- Operate a truck mounted crane
- Drive & operate a > 5t commercial truck
- Conduct daily vehicle inspections
- Conduct basic maintenance on a truck
- Ability to identify basic deficiencies/malfunctions on the truck and report timely to the supervisor

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Qualifications as a Heavy truck operator/official country driver's license
- Read and write Tigrigna & English

Working Experience – Nature & Length
- Appropriate experience operating/driving a >5 t truck
- Exposure to a mine site
- > 5years experience as a truck driver

Technical Skills
- Operating a truck mounted crane
- Valid Country heavy duty Driver's License
- Basic maintenance skills appropriate to trucks

Behavioral Skills
- Good Interpersonal skills
- Ability to work under pressure with challenging targets
- High level of initiative

General Information and other requirements:

| | |
|---|---|
| • Place of Work: | AMSC Sites |
| • Type of contract: | Indefinite Period |
| • Salary: | As per the Company salary scale |

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

* Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara

* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣቶ መሓመድ ዓብዱልባቒ መሓመድ፣ ዝተፈቕደሎም ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካሎም "ሕርጊጎ ምጽራይን ምስላጥን" (HIRGIGO CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ሰልቫና ሃይለ ንጉሰ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ንግዳዊ ትካለን "ኤክስፖ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ" (EXPO LANGUAGE PRIVATE SCHOOL) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ መድሃኔ ዘርኡ ገብረሂወት፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መመስርሒ ወጽኢት ጸባ ንግዳዊ ትካሎም "እምነት ትካል መመስርሒ ወጽኢት ጸባ" (EMNET DAIRY PRODUCTS PLANT) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ካብ ነፍሲሄር ወ/ሮ ፍቓዱ ተስፋዝጊ ብደሆ፡ ብውህብቶ ዝረኸብናዮ ክፍልታት ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ዚፕ 191 ጐደና ሃገር ቁጽሪ ገዛ 192 ፕሎት 16 ፓርሰል ኤል ስፍሓቱ 102 ትርብዒት ሜትር 4 ቀንዲ ክፍሊ፡ 2 ዓይኒ ምድሪ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 25593-36603 እተመዝገበ፡ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኳና ንሕብር።

ወንጌላዊ ሉተራዊት ቤት ክርስትያን ኤርትራ
ሕጋዊ ወኪል ጆሚ/ጊዴዎን ሰብሆቱ

---

ኣነ ኣሚና መሓመድጃሄር ዓብደልቃኒ ዝተበሃልኩ፡ ብስም ነፍ/ዓብዱ መሓመድኑብርሃን መሓመድኑር ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 113-1 ቁ.ገዛ 24 ዝርከብ፡ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ብዋዕዖዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑ.ምስክር ወረቐት 1000570 መወከሲ ቁጽሪ 100569/100582 ናብ ስመይን ስም ወረስትን ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሒዙ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፎ ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣሚና መሓመድጃሄር ዓብደልቃኒ

---

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ሰሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 10 ጥሪ ክጅምር ምኳኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሪያል ማድሪድ፡ ዕውትቲ ዋንጫ ኢንተርኮንቲነንታል ኮይና

### ኣንቸሎቲን ሞድሪችን፡ ክብረ-ወሰን ሒዞም

ዓርሞሽሽ እስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ቀጠር ዶሃ ንመክሰኣዊት ክለብ ፓቹቻ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ብምርታዕ ዕውትቲ ዋንጫ



ኢንተርኮንቲነንታል ኮይና።

ዝለዓለ ናይ ዓወት ሚእታዊት ተዋሂብዋ ዝነበረ ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ካብ ኣጥቃዒያ ክይላን ምባፐ ብዘረኸቦታ ሹቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ቻምፕዮንስ ሊግ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጕዳእቲ ካብ ናይ ቀዳም ናይ ሊግ ጸወታ ዝተኸረ ፈረንሳዊ ምባፐ፡ ኣብዚ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ዝገጠሙሉ ስታድዩም ሉሲያል፡ ቅድሚ ክልተ ዓመታት ሃትሪክ ምስርሑ ይዝከር - ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2022። ኣብ ፍጻመ ጸወታ ምስ ኣርጀንቲና ክሱብ ተወሲኺ ደቒቕ 3-ብ3 ዝተፈላለየት ፈረንሳ፡ ብፍጹም ቅላዕ ከምእተሰዓረት ኣይርሳዕን።

ናይ ካልኣይ እብረ ግዜ ሸውዓተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ ካብ ሮድሪጎ ካልኣይቲ ሹቶ ዝወሰኸት ማድሪድ፡ ኣብ መበል 84 ደቒቕ ከኣ፡ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ እቲ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ፊፋ 2024 ዝተባህለ ቪንሰየስ፡ ብፍጹም ቅላዕ ስሙ ኣብ ዝርዝር ኣመዝጊቡቲ ኣሰፊሩ። ብቐጥታ ናብ ፍጻመ ጸወታ ዝሓለፈት ማድሪድ ከኣ፡ ብሸቶታት እዞም ሰለስተ ኣጥቃዕታ 3-ብ0 ብምስዓር፡ ዕውትቲ እዚ ናይ ፈለማ ውድድር ኮይና።

ቪንሰየስ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ውድድር ተባሂሉ፡ ወርቃዊት ኩዕሶ ተሸሊሙ። ካልኣይ ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ ብሩር ኩዕሶ ዝተሸለመ ከኣ - ወዲ ጋንታኡ ፌደሪኮ ቫልቨርደ እዩ። እዚም ክልተ ወሰንቲ ተጻወትቲ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመታት፡ ማድሪድ ኣብቲ ኣብ ዋንጫ ክለባት ዓለም ንኣል ሂላል ረቲዓ ዋንጫ ዘልዓለትሉ፡ ተመሳሳሊ ሽልማት ወሲዶም ነይሮም።

ብዘይካዚ፡ ዓለሚ እዛ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ መበል 15 ጸዋእ እዩ ኣብታ ምሸት እቲኣ ዓቲሩ። በዚ ከኣ፡ ምስኡ ተመዓራርዩ ንዝጸንሐ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ሚገል መኒዝ በሊጹ፡ እቲ ዝጠዘለ ዋናጩ ዝዓተረ ዓለሚ ማድሪድ ኮይኑ። ጉዳም ኣከፋፊሊ ሉካ ሞድሪች ብወገኑ፡ መበል 28 ዋንጫ ብምልዓሉ፡ እቲ ዝጠዘለ ዋንጫ ዘልዓለ ተጻዋታይ ኮይኑ።

ማድሪድ ከኣ ኣብ 2005 ዋንጫ ክለባት ዓለም ፊፋ ተባሂሉ ቅድሚ ምጽዋዑ ካብ 1960 ክሳብ 2004 ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ ዝጸዋዕ ዝነበረ ውድድር፡ ኣርባዕተ ግዜ - ኣብ 1960፡ 1998፡ 2002 ከምኡ'ውን 2024 ብምዕታር፡ ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

ብኢንተርኮንቲነንታል ካፕ ተተኪኡ ዘሎ 'ፊፋ ዋንጫ ክለባት ዓለም'፡ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ንዕዉታት ናይ ኣህጉረን ዝኾና ክለባት ጥራይ ሐዚ፡ ኣብ ማእከል ነፍሲ ወከፍ ዓመተ-ስፖርት ይካየድ ምንባሩ ይዝከር። ካብ ዝመጽእ ዓመት 2025 ጀሚሩ ግና፡ እዚ ወቕቲ ምስ ተዛዘመ ብዝሓለ ክለባት ወሲኹ (32 ክለባት ገይሩወን ኣሎ)፡ ካብ 14 ሰነ ክሳብ 13 ሓምለ ኣብ ኣመሪካ ክሰላሰል እዩ።

## ዶናሩማ፡ ኣሰንባዲ መጕዳእቲ ገጢምዎ

ሓላዊ ልዳት ፒኤሰጂ ጂያንሉጂ ዶናሩማ፡ ረቡዕ ምሸት ምስ ሞናኮ ኣብ ዘካየድዎ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ኣብ ገጹ ኣሰንባዲ መጕዳእቲ ገጢምዎ።

እዚ ኢጣልያዊ ሓላዊ ልዳት፡ ኩዕሶ ንምምላስ ፊት ንፊት ምስ ተጻዋታይ ሞናኮ ዊልፍሬድ ሲንጎ ኣብ ዝተራኸበሉ እዩ፡ ብዀጒማ እቲ ተኸላኻሊ ኣብ ገጹ ተሃሪሙ። ኣብ ትሕቲ የማናይቲ ዓይኑ ንዝተቐደ ቆርበቱ ንምዕጻው 10



መላገቢ ዝተለጠፈሉ ዶናሩማ፡ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ብምትሓይ ሳፎኖቭ ተቐይሩ ወጺኡ።

ብመሰረት መግለጺ ጋንታኡ፡ እዚ ጉልበት ሓላዊ ማዕጾ ተወሳኺ ሕክምናዊ መርመራ ክካየድ እዩ። ንገለ መዓልታት ካብ ንጥፈታት ክእለ ምኳኑ'ውን ሓቢራ - ፒኤሰጂ።

እንተ'ቲ ነጢሩ ልዕሊ ዶናሩማ ክሓልፍ ብምፍታን ሃንደበታዊ መጕዳእቲ ዘውረደሉ ሲንጎ፡ ኣቐዲሙ ብቢጫ ካርድ ተዋሂቡ ብምንባሩ፡ ብቐይሕ ካርድ ዘይምብራሩ ዕድለኛ እዩ። ብመገዲ ማሕበራዊ ሕሳቡ ኣቢሉ ግና፡ ከይሓሰቦ ዘጋጠመ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ቅልጡፍ ምሕዋይ ብምምናይ፡ ንዶናሩማ ይቕረታ ሓቲትዎ ኣሎ።

መራሒት ሊግ 1 ፈረንሳ ዘላ ፒኤሰጂ፡ ክልተ ካብ ደምባሉ ሓሓንቲ ከኣ ካብ ደሰረ ዶኣን ጎንዛሎ ራሞስን ብዘረኸበዘን ሹቶታት 4-ብ2 ተዓዊታ።

## ቪንሰየስ፡ ናብቶም ዘይመረጽዎ ጋዜጠኛታት ዘቕንዐ . . .

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ቪንሰየስ ጁኒየር፡ እቶም ኣብ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር 2024 ድምጾም ዘይሃብዎ ጋዜጠኛታት፡ ስምዒቱን ሓሳቡን ዝቕይሩዎ ከምዝይኾኑ ገሊጹ።

ቪንሰየስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ እተዋህበት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር፡ ብኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ሮድሪ ተበሊጹ ካልኣይ ደረጃ ምሓዙ ይዝከር። ገለ ጋዜጠኛታት፡ ድምጾም ክሀብዎ ብዘይምምራጾም (ገለ ካብኣቶም ክሳብ ዓሰራይ እውን ኣየእተውዎን) ሓደ ካብ ጠንቂ ማስዓረሩ ምዃኑ ይግለጽ።

ሓደ ካብኣቶም ድምጾም ዘይሃብዎ ወከል ኣል ሳልቫዶር፡ ድሕሪቲ ሽልማት ምኽንያት ዘይመምረጺኡ ገሊጹ ነይሩ። "ቪንሰየስ፡ ኣብቲ ናይ ፍትሓዊ ጸወታ ኣይኮነን።" ዝበለ እቲ ወከል፡ "ዘይመምረጽየይ ምኽንያት ግና ንሱ ዘይኮነ፡ ቪንሰየስ ኣብ ወሰን ቦታ ዝተሓጽረ ምንቅስቓስ ዝንብር ኮይኑ፡ ማእከል ስሕበት ጸወታ ሪያል ማድሪድ ዘይምዃኑ እዩ።" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

ቪንሰየስ፡ ድሕሪቲ ብሉጽ ተጻዋታይ



ተባሂሉ ዝተጸውዓሉ ናይ ረቡዕ ምሸት ዓወት ዋንጫ ኢንተርኮንቲነንታል፡ "ኩሉ ግዜ ኣብርቲዐ እየ ዝሰርሕ። እቶም መረጽቲ ድምጾም ስለዘይሃቡኒ፡ እንታይ ከምዝሓስቡ ኖቲ ደቂ ጋንታይ ኩሉ ግዜ ዝበልጹኒ ዝቕይሮ ኣይኮነን። ኣነ ኩሉ ግዜ ንዕኦም እየ ዝጻወት፣ ከምኡ'ውን ነታ ዝዓበየት ማልያ ናይ ዓለም ክከላኸላ ዝበለጸ እየ ዝሰርሕ።" ኢሉ።

እዚ ብራዚላዊ ብሉጽ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ወላ'ኳ ንሽልማት ባሎን ዲ'ኦር እንተኸሰረ፡ ሰለስ ምሸት ግና፡ ብፊፋ ንእትዕደል 'ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ' ዓቲሩዋ እዩ - ንሮድሪ በሊጹ።

ኣቐዲሙ ብዘፈለጡዩ ወጽኢት ባሎን ዲ'ኦር ብዘይምሕጓስ ተጻወትቲ ሒዛ ካብቲ ስነስርዓት ዝተኸረት ማድሪድ፡ ሰንበት ኣብ ሜዳኣ ንሰቪያ ክትዕድማ እያ። ቪንሰየስ ግና፡ ብዘኣከቦ ብጫ ካርድ ካብዛ ናይ 2024 ናይ መወዳእታ ጸወታኣም ክበኮር እዩ።

## ኪን፡ ንራሽፎርድ ይምዕድ

ሮይ ኪን፡ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ናብ ናይ ቅድም ብሉጽ ብቕዓቱ ዘይክምለስ ከምዝኾኖል ገሊጹ።

እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ከምዚ ዝበለ፡ ድሕሪቲ ዝሓለፈ ሰሉሱ ራሽፎርድ ሓዱሽ ብደሆ ክፍትን ደልዩ ከምዘሎ ብምግላጹ፡ ካብዘ ናይ ቁልዕነት ጋንታኡ ክወጽእ ተዳልዩ ምህላዉ ምዝራቡ እዩ።

ኪን "ንኸም ብዓል ራሽፎርድ ዝኣመሰሉ ዘለዉ መጠንቀቕታ፡ ንሱ ኩሉ ናይ ተጻዋታይ ባህሪ ኣለዎ። እንተኾነ እዚ ባህሪ እንተኸሰርካዮ፡ ዳግማይ ክትመልሶ ከቢድ እዩ። ኣብኡዶም ዓቢይቲ ተጻወትቲ ርኢናዮ ኢና። ናይ ገንዘብ ጉዳይ ኣይኮነን ናይ ዝሰዕብ ብደሆን ክብሪን እዩ።" ኢሉ።

ብዘይካዚ፡ ኪን እዚ ወዲ ሃገሩ እንግሊዛዊ ካብ ሜዳ ወጻኢ ዝነብሮ ምንቅስቓስ ኣብ ብቕዓቱ ብኣሉታ ይጸልዎ ከይህሉ'ውን ገሊጹ። "ማርከስ፡ መገዲ ዝሰሓተ እዩ ዝመስለ፣ ናይ ጸወታ ሸውሃቱ ተዓጽዩ እዩ። ቡዶም ካብ ሜዳ ወጻኢ ዘለዉ ነገራት ኣቓልቦኡ ዝሰረቐ እንተኾይኑ፡ ክምለስ ክኸብዶ እዩ። ምናልባት ጋንታን ፍጻመን ብምቕያር ይምለስ ይኸውን።



ኣብ ዩናይትድ ብቕዓቱ ዝመልሶ ኣይመስለንን።" ኢሉ።

ኣብ 2016 ወዲ 18 ዓመት እንከሎ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ግጥማቱ ኣርባዕተ ሹቶታት ብምቕጻር ብኢጋኡ ቀልቢ እዛ ጋንታ ዝሰሓበ ራሽፎርድ፡ ካብ ዝሓለፈ ወቕቲ ጀሚሩ ግና፡ ቁመናኡ ደኺሙ ይርከብ። ኣብዚ ወቕቲ ኣብ 15 ናይ ሊግ ግጥማት ኣርባዕተ ሹቶታት ጥራይ ኣመዝጊቡ ዘሎ ራሽፎርድ፡ ስሪዚ ዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝነበሮ ቦታ ከምዝስኣኖ'ውን ይፍለጥ።

ብዘይካዚ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንማን ሲቲ ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ፡ ብሓዱሽ ዓለማዊኣም ሩበን ኣሞሪም፡ ካብታ ጋንታ ምእላዩ ይዝከር። ኣሞሪም፡ ወላ'ኳ ካብቲ ጸወታ እንተኣለዮ፡ ክወጽእ ከምዘይደሊ ግና፡ ዝሓለፈ መዓልታት ገሊጹ ነይሩ። በዚ ኮይኑ በቲ፡ መጻኢ እዚ ተጻዋታይ ንጹር ከምዘየለ ይእመት።

ቅንጥብጣብ

* ጉዳም ሓላዊ ልዳት ባየር ሙኒክ ማኑኤል ነየር፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዘጸንሐ ናይ ሓደ ዓመት ሓዱሽ ውዕል ክፍርም ተቓሪቡ ምህላዉ፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ጋንታ ማክስ ኤበርል ገሊጹ።

ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት 39 ዓመት ዝዕብር ነየር፡ ውዕሉ ኣብ ሰነ 2025 እዩ ዝውድእ። እዚ ብሉጽ ሓላዊ ማዕጾ ኣብ 2011 እዩ ካብ ሻልከ 04 ናብዛ ዓባይ ክለብ ተጸምቢሩ።

* ኣርጀንቲናዊ ሓላዊ ማዕጾ ኣስቶን ቪላ ኢሚሊያኖ ማርቲነዝ፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ንዋንጫ ዓለም ኣብ 2026 እንተተዓዊቶሙ፡ በጃ ኢዱ ክስቕል ምዃኑ ገሊጹ።

ኣርጀንቲና፡ ዕውትቲ ዋንጫ ዓለም 2022 ምዃና ይፍለጥ።

መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሰሪኣ**

ቨሮና - ኤሲ. ሚላን 10፡45 ድ.ቀ

**ቡንደስሊጋ**

ባየር ሙኒክ - ኣርቢ. ሌፕዚግ 10፡30 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ህ/ሪ ቻይናን ህንድን፡ ብጉዳይ ዶብ ኣኼባ ኣካይደን

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንድን፡ ብጉዳይ ዶባተን ኣመልኪተን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘቐደአ መበል 23 ኣኼበ፡ ኣብ ሽዱሽተ ነጥብታት ኣብ ምርድዳእ ከምዝበጽሓ ሓቢረን።

እተ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ንፈለማ እዋን ኣብ በይጂንግ ዝተኻየደ ኣኼብ ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ከባቢታት ዶባት ሰላምን ቅሳነትን ንምሕላው፡ ዘላቒ ምዕባለ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምሕያልን ስጉምትታት ክወስዳ ተሰማሚዐን።


ብዘይካዚ፡ ኑቲ ኣብ 2005 ዝዘበጽሓ ፖለቲካዊ መምርሒ መትከላት መሰረት ብምግባር፡ ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ፍትሓዊ፡ ምኽንያታዊን ቅቡልን ዝኾነ መፍትሒ ሕቶ ዶብ ምድላይ ክቕጽል ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ብተወሳኺ፡ ሕግታት ምሕደራ ከባቢ ዶባት ክኽለሱ፡ ምትእምማን ዝፈጥር ስጉምትታት ክሕይልን፡ ሰገረ-ዶባዊ ምልውዋጥን ምትሕብባርን ክዕቢ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ እተን ሃገራት ዝራኸብሉ ፍሉይ ኣኼባታት ዘቐጽልሉ መንገዲታት ክስርሓሉን ተረዳዲአን።

በዚ ድማ፡ በቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ መሰረት፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ፍሉያት ወከልቲ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ህንዲ ኣኼብ ክካየዱ እዮም።

ንቻይና ወኪሉ ኣብ'ቲ ኣኼብ ዝተሳተፈ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እታ ሃገር ዋንግ ዪ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ሩሲያ ተራኺበም ኣብ ምምሕያሽን ምምዕባልን ክልተኣዊ ዝምድናታት ኣብ ምርድዳእ ከምዝበጽሑ ብምሕባር፡ እዚ ድማ ንሕወየትን ምዕባለን ዝምድና ቻይናን ህንድን ወሳኒ ምንባሩ ኣብሪሁ።

ፍሉይ ወኪል ህንድን ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነትን ሸሪ ኣጂት ዶቫል ብወገኑ፡



ህንድን ቻይናን ናይ ሓባር ረብሓታትን ተመሳሳሊ ኣረኣእያን ከምዘለወን ብምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብሓባራዊ ጻዕሪ ክልቲኦም ወገናት ምስ ዶብ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ብዓቢኡ ከምዝተፈትሐ ገሊጹ።

## "ሶርያ፡ ስግኣት ካልኦት ሃገራት ኣይክትከውንን እያ" ኣል-ሻራ



ሓድሽ መራሒ ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ፡ ሃገሩ ንጎረባብታ ይኹን ንምዕራባውያን ሃገራት ስግኣት ከምዘይትኾውን፡ ምስ ቢ.ቢ.ሲ. ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩ ብዝሓለፈ ኩናት ኣዝያ ተዳኺማ ከምዝነበረት ብምጥቃስ፡ ንምምሕዳር ኣሳድ ዒላማ ገይሩ ዝተኻበረ እገዳታት ክለዓል፡ ኣብ'ቲ ኣብ ደማስቆ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡ ጻውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ።

ኣል-ሻራ፡ መራሒ ናይ'ቲ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ንፕረዚደንት ነበር ጥሻር ኣል-ኣሳድ ካብ ስልጣን ዝኣለየ ልፍንታዊ ተቓዋሚ ሓይሊ ሓያት ታሕሪር ኣል-ሻም (ኤች.ቲ.ኤስ) ኮይኑ፡ ኣቐዲሙ ብኣቡ መሓመድ ኣል-ጆላኒ እዩ ዝፍለጥ ነይሩ።

ብዘይካዚ፡ ኣል-ሻራ፡ ኤች.ቲ.ኤስ ኣብ ልዕሊ ሲቪላውያን ሰባትን ከባቢታትን ዝፈጸሞ ገበናት ከምዘየለ ብምሕባር፡ ካብ ዝርዝር ግብረ-ሽበራውያን ጉጅለታት ክእለ ኣተሓሳሰቡ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ሓድሽ መራሒ፡ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጽላታት ሶርያን ምትዕርራያት ክዝበር ምዃኑ ቃል-ኣትዩ ኣሎ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝቕጽሉ ሓደት ኣዋርሕ እቲ ሓድሽ መንግስቲ ብዘይኽተሎ ፖለሲታት መጻኢ ሶርያ ከምዝውሰን እየም ሓያሎ ሶርያውያን ዝገልጹ ዘለዉ።

## ብሪጣንያ፡ ሓድሽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ንዩክሬን ትቕርብ

ብሪጣንያ፡ ኣብ 2025 ናይ 225 ሚልዮን ፓውንድ (286 ሚልዮን ዶላር) ዝግመት ሓድሽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ንዩክሬን ክትቅርብ ምዃና ዝሓለፈ ሓሙስ ኣፍሊጣ።

እዚ ዝተገልጸ ሚኒስተር ምክልኻል ብሪጣንያ ጆን ሂሊ ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ዩክሬን ብምኻድ፡ ምስ ዩክሬናዊ መዘኑ ሩስተም ኡመሮቭ ኣብ ዘቐደ ርክብ፡ ሃገሩ ኣብ 2025 ንዩክሬን እትህቦ ደገፍ ከተዕብዮ ምዃና ቃል ድሕሪ ምእታዊ እዩ።

እዚ ሓድሽ ወተሃደራዊ ደገፍ፡ ሓይሊ ባሕሪ ዩክሬን ንምድልዳል ዝውዕል 92 ሚልዮን ፓውንድ ዝርከቦ ኮይኑ፡ ንኣሽቱ ጀላባት፡ ሰብኣልቦ ነፈርቲን ድማ ከምዝጠቓልል፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሪጣንያ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ 68 ሚልዮን ፓውንድ ንራዳር፡ ሓዋሱ ንመሳርሒታት ምክልኻል ኣየር ክውዕል ምዃኑን፡ 39 ሚልዮን ፓውንድ ዝግመቱ 1000 ኤለክትሮኒካዊ ጸረ ሰብኣልቦ ነፈርቲ እውን ንሰራዊት ዩክሬን ክወሃብ ምዃኑ ተፈሊጡ።

ብዘይካዚ፡ ብሪጣንያ ኑቲ ብስርሒት 'ኢንተርፍለክስ' ዝፍለጥ ምስ ወሰንቲ መሓዙት ኣብ መሬት ብሪጣንያ ዘቐደ መደብ ስልጠና ወተሃደራት ዩክሬን እውን ከተዕብዮ ምዃና ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ዩክሬን ናብ ሩሲያ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላት ክትትኩስ ምፍቃዱ ዝዘከር እዩ።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ናብ ስልጣን ቅድሚ ምምላሱ፡ ኣብ ብራሰለስ ምስ ሓለፊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ ማርክ ሩትን ወሰንቲ መራሕቲ ኤውሮጳን ተራኺቡ፡ ብዛዕባ ኩናት ሃገሩ ከምእተዘራረበ ተሓቢሩ።



## እስራኤል፡ ኣብ የመን ደብዳብ ኣካዪዳ



እስራኤል፡ ኣብ የመን ብዘቐደቶ ተኸታታሊ ደብዳብ፡ ብውሕዱ ትሽዓተ ሰባት ከምዝተቐተሉ፡ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ዝቆጻጸሮ ኣገልግሎት ዜና 'ኣል ማሲራህ' ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ብወገኑ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ከም መልሲ ግብሪ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ብሑቲ ናብ እስራኤል ተተኩሱ ብሓይልታት'ታ ሃገር ዝበርዓነ ሚሳይል፡ ኣብ ርእሰ-ከተማ ሰንዓን ሆደይዳህን ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ወተሃደራዊ ዒላማታት እቲ ዕጡቕ ጉጅለ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ ኣረዲኡ።

"እቲ መጥቃዕቲ ዝተፈጸመሉ ዒላማታት፡ ሑቲ ንወተሃደራዊ ስርሒታት ዝጥቀመሉም ዝነበሩ እዮም" ክብል ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

በቲ ዝተኻየደ ደብዳብ፡ ኣብ ወደብ ኣሱሳሊፍ 7 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ልዕሊ ትካል ኑዳዲ ራስ ኢሳ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ከምዝሞቱ፡ ሑቲ ኣብሪሁ።

እቲ ተኸታታሊ ደብዳብ፡ ኣብ ደቡብን ሰሜንን ርእሰ-ከተማ ሰንዓ ንዝርከብ ክልተ መደበራት ሓይሊ ኤሌክትሪክ እውን ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ወሲኹ ሓቢሩ።

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለን መስከረምን ብዘቐደቶ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲታት፡ ኣብ ከተማ ሆደይዳህ 4 ሰባት ከምእተቐትሉ ይዝከር።

## ናይጀርያ፡ ብሰንኪ ጽቕጥቕጥ ሓያሎ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ናይጀርያ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ኣብ ዝተሳተፍዎ ሃይማኖታዊ በዓል ብዝጋጠመ ጽቕጥቕጥ፡ ሓያሎ ሰባት ከምዝሞቱ ሰቡመዚ እቲ ከባቢ ገሊጾም።

እቲ ፍጻመ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ርእሰ-ከተማ ክፍለ-ሃገር ኦዮ - ኢባዳን ኣብ ሃይማኖታዊ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዘጋጠመ ኮይኑ፡ ክሳብ 5 ሽሕ ዝበጽሑ መንእሰያትን ህጻናትን ኣብቲ መደብ ንምስታፍ ከምዝተኣከቡ ይንገር።

ኣመሓዳሪ ናይ'ታ ክፍለ-ሃገር ሰዩ ማኪንደ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ እቲ ሓደጋ ብዙሕ ሞትን መጉዳእትን ከምዘስዓበ፡ ኑቲ ኩነታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታውን ተሳተፍቲ ካብ'ቲ ቦታ ንምውጻእን ድማ ሓይልታት ጸጥታ ከምዝተዋፈሩን ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ ዛጊት ቍጽሪ ምዉታት ብልክዕ ኣይተገልጸን ኣሎ።



ንሱ ወሲኹ፡ "ኣዳለውቲ ናይ'ቲ ጠንቂ ጽቕጥቕጥ ዝኾነ መደብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ኣለዉ" ኢሉ።

ኣዳለውቲ እቲ በዓል፡ ተሳተፍቲ ስኮላርሺፕን ካልእ ብዙሕ ህያባትን ዝኣማስሉ መሳጢ ሽልማታት ክዕደሉ ከምዝኽእሉ ድሕሪ ምሕባሮም እዩ እቲ ጽቕጥቕጥ ክፍጠር ክኢሉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 20/12/2024 | ጎደና ኣምበረሚ755፡ ከባቢ ሚ/ሪሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services